# <u>ለካ ግለትስ ኣብ ኩሉ እዩ ዘሎ።</u>

ስዋ ዝጹሞቕ ግለት ካብ ዱቋ ንምፍላይ እዩ። ቢራ ዝጽሞቕ ግለቱ ካብቲ ዝስተ ንምፍላይ እዩ። ሻሂ እንተሪኢና'ውን ልክዕ ከምኡ። ኣብ ደቂ ሰባት እንተመጻእና'ውን ግለት ዝኾኑ ከም ዝነበሩን፣ ከምዘለዉን፣ ክህልዉ ምኻኖም ንዕዘብ። እንተዘይተጋግየ ኣብ ከባቢ 1975-76 ኣቢሉ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ. ኤ) ሓንቲ ደርፊ ኔራ ልክዕ ነዛ ኣርእስቲ ሓቅነታ እትምስክር። ንሳ ከኣ ከምዚ ኢላ ትጅምር፣ (መኸባዕቲ ሰውራና ዘይትብተኽ ጭራራ፡ ግለት በዚሑዋስ ተዓቢሳ ኔራ) ትብል። ኣብቲ ቀጻልነታ ከኣ ከይተበትከት ወይ ተዓቢሳ ደው ከይበለት ነቲ ዝነበረ ግለታት ዘፊፋ፡ ነቲ ጽራዩ ኣሕሊፋ ፈላለየቶ ዝብል መልእኽቲ እዩ ኔሩዋ።

እዚ እንታይ የርእየና ኣብ ኩሉ እቲ ዝተሓልፈ መድረኻት ናይ ቃልሲ ኣብ ኩለን ውድባት ኤርትራ ግለታት፡ ከም ዝነበሩ የረድኣና። ወዶ ገባ፡ ከምዝነበሩ ኮምኡ'ውን ኢሰኣፓ፡ ቀይ ሽብር፡ ዓፋኝ፡ መልሻ ስርናይ፡ ጃሱሳት፡ ብኢትዮጵያ ዝተዓስቡ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ኣሕሊፎም ንሞት ዝህቡን፡ ብሰንኮም ክንደይ ንጹህ ሂወት ከምዝሃለቐ ነቶም ኣብቲ እዋንቲ ዝነበርና ሕሱም ተሞኩሮ ከም ዝነበረ ንፈልጥ ኢና። ንህዝቢ ትግራይ ብኹሉ ኣይንውንጅሎን ኢና። ከማና ውጹዕ ህዝቢ ስለ ዝነበረ። እንተኾነ ግን እቶም መብዛሕቶኦም ህዝቢ ኤርትራ ዘጋፍዑን ዘረሹንን ዝርሹኑ ዝነበሩ ትግራዎት ደርጊ ካብ ዝነበሮም ትሑት ናብራ ኣገላጊሉ ኣብ ዘረፋን ክፍኣትን ዘዋፈሮም ምንባሮም ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ ህዝቢ ትግራይ ንባዕሉ ኤህ ኢሉ ዝረገሞም ከም ዝነበሩ ኣብ ታሪኽ ሪኢናዮ ኢና። ስለዚ ብሰንኪ ንቑጽ ርሑስ ክነድድ ስለ ዘይግባእ እቶም ሓደ ክልተ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ከም ጸላኢና ትቖጽሩዎ ዘሎኹም መኣረምታ ክትገብሩሉ ይግባኣ።

ወያነ እንተኾነ 'ውን ነቲ ስርዓት መንግስቱ ዝፈጸሞ እከይ ታሪኽ ብተዓጻጻፊ እዩ ዝደግም ዘሎ። መንግስቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይ ክኸውን ከሎ፡ ወያነ ከኣ ኣብ ልዕሊ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ እንኮላይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይን ኮምኡ'ውን ዑሱባት ብምኽታብ ንሓድነት ኤርትራውያን ክዘርግ ሑኽ እብል ኣሎ። ብመን ጌሩ ንዝብል ሕቶ ሕጂውን ናብታ ኣርእስት ክንምለስ በቶም መኽባዕቲ ደቂ ሓደ ልቢ ዝገለለቶም ንታሪኽ ቃልስን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ኽጥምዙዙ ዝፍቱኑ ዘለዉ ከደምቲ ብምውፋር እዩ። ኣብነት

| <u>ኣብ ግዜ ደርግ መኽባ|ቲ ሰውራ ዝገለሎቶም፡</u> | <u>ኣብ ግዜ ወያነ መኽባዕቲ ደቂ ሓደ ልቢ ዝገለሎቶም፡</u> |
|---|---|
| ቀይ ሽብር | ከደምቲ |
| እሰኣፓ | ሃሱሳት |
| ወዶ ገባ | ሽዩጣጥ |
| መልሻ ስርናይ | ተቓመርቲ |
| ዓፋኝ | ተምበርኸቲ |

እዚኦም ኩሎም መጸውዒኦም ነንበይኖም፡ ተግባራቶም ግን ሓደ ዝኾኑ ግለታት ኣብ ኩሉ መድረኻት ከምዝነበሩን ከምዘለዉን የረድኣና። ህዝባዊ ግንባር እንኳንዶ ሎሚ መንግስቲ ኮይንስ፡ ቀደም ኣብ በረኻታት ከሎ'ውን እንተኾነ እተን ግለትን ጽራይን ዝፈልያ መኽባዕትታ ኣብ ኩሉ ተዋፊረን ስረሐን ይሰርሓ ነረን ። ሕጂ'ውን እቲ መስርሕ ደቂ ሓደ ልቢ ኮምኡ'ዩ ዘሎ።

እዘን ኣብ ማእገር ወያነ ተወጢሔን ንብዓት ሓርገጽ ዘጽርራ ዘለዋ ጉጅለታት፡ ዕምረን ምስ ዕምሪ ወያነ ከኸትም ምኳኑ ሓለፍተን ኣጸቢቖም ተገንዚቦሞ ኣለዉ። በዓል ዶክተር በረኸት፡ ዶክቶር ኣሰፋው በዓል ዓንደብርሃን ቦታኦም ሕዙእ እዩ። ጽባሕ ኣብ ኣፍደጊኦም ከምዘየቕርቡኹም ክትፈልጡ ይግባእ። ሎሚ መስገሪ ውሕጅ ድልድል ዘይሰርሐ፡ ጽባሕ ውሕጅ ምስመጸ ለኪሞዎ ከም ዝኸይድ ይፍለጥ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ሞጎስ ንምክልኻል ሓይልታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።